# ግጥሚ ንመበል 14 ዓመት ናጽነት ኤርትራ

ብሓደ መስከረም ዝተባርዐ ቃልሲ
ምእንቲ ናጽነት መሰል ዲሞክራሲ
መግዛእቲ ንምልጋስ ናይ ጭቆና ፈውሲ
ግንቦት ’91 ተረኺበሉ መልሲ።

ሃገር ናጻ ኰይና ተሓጒሹ ኩሉ
ኣደታት ዓለላ ኣቦታት ደበሉ
መንእሰያት ሃገር ሳዕስዑ ዘለሉ
ፍረ ናይ ስውኣት ብኽብሪ ጸንበሉ።

ንመዋእል ዘጠፍአ ክብርና ክምለስ
ኩሉ ዝሓዘነ ብናጽነት ክድበስ
ንሰላም አውሒስና ሓደ ኢልና ክንብገስ
ዘይግባእ አይኰነን እምብዛ ክንሕጐስ።

ፍትሓዊ ቃልስና ሽቶኡ ወቒዑ
መግዛእቲ ኣባሪሩ ሽግ ሓርነት ወሊዑ
ምስ ኲለን ሃገራት ማዕረ ተሰሪዑ
ተስፋ’ዩ ነይርዎ ክነብር ኰሪዑ።

ናጽነት ዓቂብና ናብ ሓርነት ክንሰግር
ቅዋም ከነጽድቕ ሃገር ዘመሓድር
ሕጊ ዓደቦና ብግቡእ ክንትግብር
ብፍቕሪ በሰላም ቀሲንና ክንነብር።

መበል 14 ዓመት ናጽነት ነብዕለሉ
ክንፈላሊ ይግባእ ፍረኡ ገፈሉ
ሕድሪ ስውኣትና ተመሊሱ’ዶ ኩሉ
ወይሲ ተዓንቂፉ ተሪፉ ሰንኪሉ።

ዕላማ ቃልስና ፍትሒ ዲሞክራሲ
ንኩሉ ዝሓቑፍ ንማንም ዘይጐሲ
ንሓደ ዘይጕንዕ ንካልእ ዘይሃሲ
ጌና’ሎ ተሪፉ ዘይተረኽቦ መልሲ።

ሓቢርና ንቃለስ ንድሕነት ሃገርና
ጉዕዞና ንመርምር ድሕሪት ተመሊስና
ኣብ ሓርነታዊ ቃልሲ እንታይ ኣሳሊጥና
ሰጒምና’ዶ ንቕድሚት ድሕሪት ተመሊስና
ነክዩ’ዶ ዛይዱ መከራ ህዝብና
ንሕተታ ንሃገርና ብሓደ ሓቢርና።

ገንጽልዮ መዝገብ ኤርትራ መስክሪ
ኩሉ ተንትንዮ ምስጢር ኣይትቕበሪ
ብገዛእ ደቕኺ ዝተገብረ ነውሪ
ንጽባሕ ከይረኸስ ካብ ሕጂ ክጸሪ።

ሕቡእ የብለይን ካብ ዓለም ዝሰወር
መሰል ዝሓተተ ኩሉዩ ዝእሰር
ክብጻሕ ኣይፍቀድ ህላዌኡ ኣይንገር
ፈጺመ ኣይረአኹን ካብ ሎሚ ዝመርር።

እቲ ጭዋ ህዝቢ ኣቦ ስርዓተ - ፍትሒ

ብትብዓት ዝምክት ናይ ባዕዳውያን ሽርሒ
ብደቁ ክሳቐ ብክፍኣተ - ጉርሒ
ክውስን ይግባእ ክደሊ መፍትሒ።

ኣብ ኩሉ ህይወቱ ብሕጊ ዝነብር
ባዕዲ'ኳ ዘይደፈሮ ወትሩ ግዜ ክቡር
ቅትለት ከይተረፈ ዓሪቑ ዝሐድር
ሕሉፍ ባዕዳዊ'ባ ሎሚ ነዚ ዘየኽብር።

ብፍትሕን ዲሞክራስን ልዕሊ ሰብ ዝምድር
ብጭርሖ ዓወት ንሓፋሽ ህዝቢ ዘደናግር
ካብ ግዝኣት ቱርኪ ግዝኣቱ ዝመርር
ኣይግባእን ከቶ ክውዕል ክሓድር።

ክለቅኽቅ ኣለዎ ክንብል ከሎና
ቃሕ ኢሉና ኣይኰነን ቅርሕንቲ ሒዙና
ገምጋም 14 ዓመት መዋእል ናጽነትና
ደቂቑ ፍርዩ ዳህሲስና ፈቲሽና
ስርናይን ክርዳድን ኣሪና በቍጽና
ዝተረኽበ ወጽኢት ደሚርና ኣጉዲልና
ምልጋሱ ጥራሕ'ዩ መድሓኒት ህዝብና።

ቅዋም ሃልዩና ህዝቢ እንተዝእከብ
ገበን ህግዲፍ ኩሉ እንተ ዝጽብጸብ
ሕቡእ ዘርኢ ተኸሊ ደም ንጽሃት ዝምገብ
መሳሊ የብሉን ብምጥሓን ወዲሰብ
ንሰላም ክመርሕ ፍጹም'ዩ ዘይሕሰብ።

ጸንቂቑ'ዩ ብቐዓቱ ደጊም ኣኺልዎ
ሕሉፍ ገበናቱ ዓለም ከሺሕዎ
መኻሪ ዝጸልእ ትዕቢት ሰርኒቑዎ
ንኻልእ ዝኾዓቶ ጉድጓድ ባዕሉ'ዩ ክኣትዎ።

ንዕኡ ኢልና መተካእታ ንግበር
ዝበቅዕ ከንመርጽ ዘድሕን ንሃገር
ዘይሐበረ ሓይሊ የብሉን ቁምነገር
ውድዕነት ንመልስ ገዲፍና ጓል-ነገር
ሃገራዊ ዕርቂ ብጽፈት ይተግበር።

ካብዚ'ዩ ዝነቅል ወሳኒ መስርሕ
ብህዝቢ ተመሪጹ ብሓቂ ዝመርሕ
ንሕጊ ዝምእዘዝ ብቅንዕና ዝሰርሕ
ብእምነት ዘገልግል ተሐታትነት ዘይፈርሕ
እዚ'ዩ መንገዲ ናብ ራህዋ ዘብጽሕ።

ጭርሖ ዲሞክራሲ ብሐቂ እንተኾይኑ
ወረጃ ህዝብና ክጭብጥ ስልጣኑ
ዝመርሖ ክመርጽ ሓሲቡ መዚኑ
ብተግባር ክርኢ (ክኣምን) ሕጂ'ዩ እዋኑ።

ቈላሕታይ ክቅይር ናብ ተቓወምቲ ውድባት
ዕሚም ጥራሕ ዝብላ ብናይ ህዝቢ ቃላት
ዓቕመን ንምጥርናፍ ከይወነና ብቕዓት
ፍጽም ኣይኽእላን ክቕይራ ስርዓት።

ሕጂ ግን ይመስላ መድረኽ ዝመሀረን

ብሐደ ክሰርሐ ምንዳሕ ገዲፉን
ንኩለን ዝጥርንፍ ብቻርተር ፈሪመን
ሃገርና ንምድሐን ቃል ኪዳን ፈጺመን።

ንህዝብና ጠርኒፉን ክሰርሐ ብጽንዓት
ቅርሕንቲ ወጊደን ግናይ ተንኰል ክፍኣት
ብተግባር ከርእያ ዘተኣማምን ብቕዓት
ንምኸኣን ክበቕዐ ዋሕስ ናይ ወጹዓት።

ንሐርነት ሃገር ካብ ኰነ ዕላማና
ብዲሞክራስያዊ መስርሕ ንቕየድ ካብ ኰንና
ኣበይ ድኣ'ዩሞ ጠንቂ ፍልልይና
ምዕዋት ህዝባዊ ባይቶ ዝዐናቕፈና።

ፖለቲካዊ ፍልልይ ጸገም ኣይመስለንን
ሃገራዊ ሃብቲ'ዩ ብወርቂ ዘይትመን
ተኽእሎታት ዘአንግድ መን ይበልጽ ካብ መን
ኣብ ህዝቢ ምቕራብ'ዩ ፕሮግራመን ሒዘን።

ህዝብና ክፈልጥ ኩሉ ክበርህሉ
ዘመምቕ ክመርጽ ተጽዕኖ ዘይብሉ
ብብቕዐት ዝሕተት ህዝቢ ዝኣምነሉ
ሓቢርካ ምምራጽ'ዩ መተካእታ ዘይብሉ።

ሕጂ ግን ይአክል መሊኡ ፈሲሱ
ህዝቢ መሪርዎ ድሕሪት ተመሊሱ
ዐው ኢሉ ከይበኪ ኣፉ ተዐቢሱ
ሕልና ዘለዎ ሓሞቱ ፈሲሱ
ምውላዶም የሕዝን ንብዓት ዘይሕስሱ።

ሃገርካ ክትሕመስ አእዳውካ እተጣምር
ውርዙይ ናይ ኣፍ ጨለ ልዕሊ ሰብ ተምድር
ሓላፋይ'ዩ ጸገም ዘለዐለም ዘይነብር
ካብ ሕጂ ሕሰበሉ ዳሕራይ ከይትሐፍር
አብ መጻኢት ኤርትራ ብስክፍታ ከይትነብር።

ዓቢ ምስ ንእሽቶ ኩሉ ወዲ ሃገር
ሕማምና ክፍወስ ሐቢርና ንማኸር
ይትረፍ ሐሸውየ ንሕሰብ ብቁምነገር
ብመጻኢ ወለዶ ጽባሕ ከይንምረር።

ሃገር ናይ ኩሉ'ያ ሃይማኖት ናይ ግሊ
ንሰላም ዝዕቅባ ብሕጊ ዝኣሊ
መሰል ሰብ ዘኽብር ንተንኰል ዘለሊ
ሓጋጊ፣ ፈርዲ፣ ፈጻሚ ኣካል'ዩ ንህገር ዘድሊ
ብሐባር መሪጽና ነውድቐሉ ቆጽሊ።

ሓሳበይ ክድምድም ደረት ክገብረሉ
ለባማት ምሁራት ዘራኽቡ ንኹሉ
ሲቪካዊ ማሕበራት ብህዝቢ ንዝተወከሉ
ዘዛቲ ብሐባር ኩሉ ዝዐግበሉ
ሃገራዊ ዋዕላ'ዩ መተካእታ ዘይብሉ።

ዓወት ንፍትሐውን ዲሞክራስያውን ቃልስና!
ውድቀት ንዲክታቶራውያን ጸላእትና!
ዘልዐለማዊ ዝኽርን ክብርን ንጀጋኑ ስውአትና!

ምስ ኤ.ዲ.ኪዳን ንቕድሚት ክሳብ ምሉእ ዓወት!

ዓንደጽዮን ግርማይ (ካብ ካስል/ጀርመን)